# ኣከባብራ 20 ሰነ ፡ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ
# ኣብ ከተማ ሮማ።

ትማል ሰንበት ዕለት 22-06-2008 ፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ሮማ ፡ ን20 ሰነ መዓልቲ ስውኣት ኤርትራ ፡ ብሓባር ብኣዝዩ ልዑል ማዕርግ ኣኽቢሮማ። ንዝኽሪ እቶም ንናጽነትን ውሕስነትን ሃገሮምን ህዝቦምን በጃ ዝሓለፉ ጀጋኑ ስውኣት ኤርትራ ዝተዳለወ መደብ ፡ በቲ ህጻናትን መንእሰያትን ዝመርሕዎ ፡ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ከምኡውን ሓለፍቲ ማሕበራትን መራሕቲ ሃይማኖትን ዕዱማት ኢጣልያውያን ኣጋይሽን ዝርከብዎ ፡ ከባቢ 500 ዝበጽሕ ኤርትራዊ ተቐማጢ ከተማ ሮማ ዝተሳተፎ ፡ ብሽምዓ ምውላዕ ዝተሰነየ ናይ እግሪ ጉዕዞ እዩ ተጀሚሩ።

ማዕርግ እቲ ስነ-ስርዓት ዝተኻየደሉ ፓርክን (Parco di Centocelle) ዝነበረ ፍሉይ ጸጥታን ፡ ንስምዒትን ኣድህቦን ናይ'ቶም ብባንዴራትን ሽምዓታትን ተሰንዮም ናይ እግሪ ጉዕዞ ዘካይዱ ዝነበሩ ዜጋታት ዝያዳ ዕምቆት ሂብዎ ነይሩ።

ድሕሪ እቲ ነዊሕ ናይ እግሪ ጉዕዞ ፡ ተሳተፍቲ ኣብ መአከቢ ቦታኦም ብምብጻሕ ንተዳልዩ ዝነበረ መደብ ብዝኽሪ ሰማእታት ጀሚሮሞ። ህጻናት መዝሙር ድሕሪ ምስምዖም ድማ ፡ ኣቶ ዑቕባይ ፍረመድህን ፡ ኣቦ-መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ከተማ ሮማ ኣብ ዘስምዖ ናይ መኽፈቲ መደረ ፡ ብምትሕብባር ምምሕዳር ከተማ ሮማ ዝተረኽበ ፍቓድ ነዚ ፓርክ ክንጥቀመሉ ጥራይ ዘይኮነ ንዘልኣለም ነባሪ ዝኾውን ሓወልትን ገረብን ንስውኣትና ክንተኽለሉ ዘፍቀደልና ምምሕዳር ኣመስጊኑ። ኣስዒቡ ከኣ ንመደብ ምንባይ ስድራቤት ስውኣት ብዝምልከት ፡ ኩሉ ዜጋ ብፍላይ ከኣ እቶም ኣብ ምኽፋል ድሒሮም ዘለው ዜጋታት በቲ ዝኣተውዎ መብጽዓ ጉቡኦም ኣብ እዋኑ ከማልኡ ፍሉይ ለበዋ ቀሪብሎም። ነታ ዕለት ዝምልከት ወግዓዊ መልእኽቲ ከስምዕን ነታ ገረብ ስውእ ክተኽላን ንኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ብኽብሪ ዓዲምዎ። ኣምባሳደር ዘመደ ብወገኑ ንርዝነትን ፍሉይነትን እታ ዕለት ኣመልኪቱ ሓጺር መደረ ድሕሪ ምስማዕ ብመራሕቲ ሃያማኖት ፡ ሓለፍቲ ዝተፈላለያ ሃገራውያን ማሕበራት ተሰንዩ ኣብ ምትካል ገረብ ስውእ ተሳቲፉ።

እቲ መደብ ብልብኻ ዘረስርስን ፡ ተወሳኺ ሓይልን ፍናን ዝህብ ኣገባብ ብዓወት ተዛዚሙ። ተመሳሳሊ መደብ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኢጣልያ ከም ዝተኻየደ ከካብ ቦትኡ ዝመጸና ሓበሬታ ይገልጽ።

ዘልኣለማዊ ዝኽርን ሞጎስን ንስውኣትና!
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !